# ንቤት ትምህርቲ ስደተኛታት ወድሸሪፈይ ንምድጋፍ
# ኣብ ጀነቫ ዝተዳለወ ናይ ድራር ምሸት

## ብወኪል ንሓርነት ኣብ ኣውሮጳ
## 28.11.2006

ማሕበር ስዊስ-ኤርትራውያን ንደገፍ ኤርትራውያን ስደተኛታት (ASEE) እተባህለ መኽሰብ ኣልቦን ዘይፖለቲካውን ማሕበር፡ ብ25 ሕዳር 2006፡ ንቤት ትምህርቲ ስደተኛታት ወድሸሪፈይ ዝውዕል ረዲኤት ንምእካብ 80 ዝኾኑ ኤርትራውያንን ስዊዘርላንዳውያንን ዝተረኽብሉ ናይ ድራር ምሸት ኣብ ከተማ ጀነቫ ኣዳልዩ።

ሓላፊት ፊናንስ ናይ'ቲ ማሕበርን ቀንዲ ኣዳላዊት ናይ'ቲ ምሸትን ዝኾነት ወይዘሪት ዑቕባ ተኸለ፡ ነቶም ተሳተፍቲ ብመንፈስ ኣካል ናይ'ቶም ሓገዝ ዝደልዩ ጽጉማት ህጻናት ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ኰይኖም ክስምዕም ዝገበረ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፤ እቲ ናይ ድራር ምሸት፡ ካብ ትጽቢታ ንላዕሊ መሳጢ ከምዝነበረ ኣብሪሃ።

እቲ ናይ ድራር ምሸት፡ ብሓጺር ናይ ቪድዮ ምርኢትን ብመንእሰይ ሶፍያ ዓማር፡ ዋና ጽሓፊት ናይ'ቲ ማሕበር፡ ዝቐረበ መግለጽን ኢዩ ተኸፊቱ። መንእሰይ ሶፍያ ኣብ መግለጺኣ፡ ብዛዕባ'ቶም ጌና ግቡእ ኣቓልቦ ዘይረኸቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሕጻናት ኣብ ሱዳንን ዘድልዮም ረዲኤትን ኢያ መብርሂ ኣቕሪባ።

ብድሕር'ዚ፡ ተወላዶ ስዊስ ዝኾኑ ህጻናት፡ ንደገፍ ናይ ጽጉማት ህጻናት ዝገልጽ መዝሙር ኣስሚዮም፤ ከምኡ ውን፡ ርኹባትን ጽጉማትን ህጻናት ዘሕልፍዎ ናይ ናብራ ፍልልይ ዘነጻጽር ሓጺር ተዋስኦ ኣርእዮም። ብሓደ ጕጅለ ናይ ህጻናት ዝቐረበ ናይ ፒያኖ ሙዚቃ ድሕሪ ምስማዕ፡ ብሓንቲ ጓል ስዊስ ህጻን ዝቐረበ፡ ትጽቢት ናይ'ቶም ኣብ ከም ወድሸሪፈይ ዝኣመሰሉ ቦታታት ዝርከብ ድኻታት ህጻናት ካብ'ቶም ርኹባት መሳቱታቶም ዝጽበይዎ ረዲኤት ዝገልጽ ግጥሚ ተነቢቡ።



ኣዳለውቲ ናይ'ቲ በዓል፡ እቲ ምሸት ብገንዘባዊ ኣታዊ ይኹን፡ ብሾነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ግቡእ ተረድኦ ኣብ ምሕዳር፡ ዕዉት ምንባሩን፤ ብዙሓት ካብ'ቶም ተሳተፍቲ ቀወምቲ ኣባላት ናይ'ቲ ማሕበር ክኾኑ ከምዝተመባጽዑን ሓቢረን።

ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ 2005 ዓ.ም እተመስረተ ማሕበር ስዊስ-ኤርትራውያን ንደገፍ ኤርትርውያን ስደተኛታት፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣድላዪ ዝኾነ ደገፋት እናረኸበ ከምዝቕጽል ምግባር'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ማሕበር፡ ኣብ ካልእ ቦታታት ዝርከብ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ህጻናት ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ምድጋፍ መደብ ውን ኣለዎ።

መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ወዲሸሪፈይ፡ ብደገፍ ናይ ሆላንዳውያን ለገስቲ ምስ ምሕዝነት ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ኤርትራ ብምትሕብባር ኢዩ፡ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ተሰሪሑ ኣገልግሎት ክህብ ዝጀመረ። እዚ ካብ 6 ክሳብ 16 ዝዕድሚኦም 800 ዝኾኑ ተመሃሮ ዝርከብዎ ቤት ትምህርቲ ጌና ብምሕዝነት ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን'ዩ ዝመሓደር ዘሎ። ዝኽተሎ ዓይነት ስርዓተ-ትምህርቲ ኤርትራዊ ኰይኑ፡ ብቋንቋ ትግርኛን ዓረብኛን ዘምህር ቤት ትምህርቲ ኢዩ። እንግሊዘኛ ድማ ከም ቋንቋ ይምሃርዎ።



ቤት ትምህቲ ወድሸሪፈይ፡ ቅድሚ'ቲ ብልኡኻት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ካብ ሚላኖ ዝተገብረሉ ረዲኤት ምጽጋኑ።